# ንምውሓስ ሽወደን
# ሃየ ተሳተፍ!

ንስኻ ኣድላዩ ኢኻ! በቲ ኽእለትካ ንማሕበረደሞክራሲያዊ ንዓወት ምርጫ ንምትንጻፍ ሃየ ተሳተፍ። ወይ ምስ ፈተውቲ፡ ምስ መሳርሕትን ጐረባብትን ተዛረብ፤ ወይከኣ ምሳና ኣብ ጐስጓስ ምርጫ ተሳተፍ። ኣባል ማሕበረደሞክራሲያውያን ኹን!

Socialdemokraterna

ኣብ ፈይስቡክ ኢንስታግራም ትዊተር ስዓብና

- [ ] ኣባል ማሕበረደሞክራሲያውያን ክኸውን እደሊ'የ
- [ ] ካባኹም ዜናታት ኪመጸኒ እደሊ'የ

ስም ............................................

ቴለፎን ............................ ኢ-መይል ............................

ኣድራሻ ............................................

ቍጽሪ ቡስጣን ከባብን ............................................

መለለዪ ቍጽሪ መንነት ☐☐☐☐☐☐ ☐☐☐☐

ወይ ኣብ socialdemokraterna.se/bli-medlem
እቶ፤ ወይከኣ ነታ ቅጥዒ መሊእካ፡ ኣብ ቡስጣ ኣእቲኻ፡
ናባና ትልእኽ። ነዛ ኣብ ታሕቲ ዘላ ኣድራሻ ተጠቀምካ፡
ብዘይ መስደዲ ቴምብር ክትልእኽ ትኽእል፡-

Socialdemokraterna
Svarspost
Kundnummer 110 651 700
110 03 Stockholm

ውልቃዊ ሓበሬታኻ ምሳና ከንሕዞ ኢና። ተወሳኺ ሓበሬታ ኣብ socialdemokraterna.se/integritetspolicy ኣንብብ።

እዚ ጽሑፍ፡ ካብቲ ኣረጅናል ጽሑፍ ተቐዲሑ፡ ብቐሊል ሽወደንኛ ዝተዳለወ'ዩ። ኣብ ክልተኡ ገለ ፍልልይ እንተ ተረኺቡ፡ እቲ ኣረጅናል ጽሑፍ'ዩ እቲ ቅኑዕ።



# ሓያል ማሕበረሰብን ውሕስቲ ሽወደንን ኪህልዉ ምረጽ!



**ውሕስነት ኣብ ሓደ ውልቀሰብ እንታይ ሳዕቤን ከም ዘሎዎ እፈልጥ’የ።** ዘኽታም ኮይነ ብምዕባየይ፡ ኣብ ስራሕ ኢንዱስትሪ ከለኹ ሸቕለኣልቦኛታት እረክብ ብምንባረይ፡ ሎሚ’ውን ከም ቀዳማይ ሚኒስተር ሽወደን መጠን ኣረጋውያን ስለ ዘጋጥሙኒ፡ ነዚ እፈልጥ፡- ከም ሰባት ሕጉሳትን ናጻን ኮይንና ኪስምዓና፡ ውሕስነት ኩሉሳዕ ኣብ ቦትኡ ኪህሉ ኣሎዎ።

**ሎሚ ኣብ ቍጠባ ሽወደን ዓብይ ሓይሊ ኣሎ።** ካብ ዓመተ 2014 ንንየው 300 000 ዝኾኑ ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም ኣለዉ። ስእነት ስራሕ መንእሰያት፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 16 ዓመታት ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ በጺሑ’ሎ። ነቲ ዘላቒ ዘይኮነ ፖሊቲካ ፍልሰት ኣንፈቱ ብምቕያርና፡ ሎሚ ክፋል ናይቶም ብሓገዝ ማሕበረሰብ ዚናበሩ ካብ 1981 ንንየው ኣብቲ ዝተሓተ ደረጃ በጺሑ’ሎ።

**እቲ ኣብ ግዜና ዝዓበየ ፕሮግራም ውሕስነት ኣብ ግብሪ ንምውዓል እምበኣር፡ነዚ ሓይሊ’ ዚ ክንጥቀመሉ ድላይና’ ዩ።** ሽቶና ሓያል ማሕበረሰብ ምፍጣር’ዩ። ኣብ ምህሮን ኣገልግሎት ጥዕናን ዚያዳ ሰራሕተኛታት ንምቍጻር ሓይሊ ዘሎዎን፡ ብዕድመ ምድፋእ ማለት ብድኽነት ምንባር ማለት ከም ዘይኮነ ዘረጋግጽ ሓያል ማሕበረሰብ። ኣንጻር ገበን ቃልዓለም ዘይብሉ ቃልሲ ኬካይድ ሓይሊ ዘሎዎ ማሕበረሰብ። ኵሉ ኪሰርሕ ዚኽእል ኣብ ስራሕ ዘዋፍር ሓያል ማሕበረሰብ። ደገፍ ከድልየካ ከሎ ዚሓልየልካ፡ ግን ከኣ ጠለባት ዘቕርብ ሓያል ማሕበረሰብ። ሃገርና ሽወደን ጥምርቲ ክትከውን ነፈላላይ ካብ ሱሩ ንምቅላስ ሓይሊ ዘሎዎ ማሕበረሰብ።

**እቲ ምርጫ ግን ናትካ’ ዩ።** ኣብ ክንድኡ፡ ኣብ ምህሮን ኣገልግሎት ጥዕናን ዚያዳ መፍትሕታት ዕዳጋ ኪተኣታተዉ ዚደልዩ ኣለዉ። ነቲ ገንዘብ፡ ከም ብሓድሽ ነቶም ርኹባት ዘበሉ ግብርታት ኣብ ምንካይ ኪጥቀሙሉ፡ ናይዚ ወጻኢ ከኣ ብድኽም ዝበለ ሰብኣዊ ድሕነት ተራ ሰባት ኪኸፍልዎ ዚደልዩ።

**ስለዚ ምኽረይ እንኮን ቀላልን’ ያ፡-** ሓያል ማሕበረሰብን ውሕስቲ ሽወደንን ኣብ ምፍጣር ሃየ ተሳተፍ! ዕለት 9 መስከረም ንማሕበረደሞክራሲያውያን ምረጽ!



Stefan Löfven

# እቲ ዝዓበየ መደብ ውሕስነት ኣብ ግዜና

## ውሕስነት ብሓያል ሰብኣዊ ድሕነት

ባህግና : -

**ኣብ ኣገልግሎት ሕክምና ዚያዳ ሰራሕተኛታት ምቍጻር።** ጽዕነት ስራሕ ሰራሕተኛት ሕክምና ንምቅላል፡ ሪጋ ንምንካይን ስሉጥ ኣገልግሎት ሕክምና ንምሃብን፡ ኣብ ኣገልግሎት ጥዕና እንተ ወሓዱ ካብ 14 000 ዚዛይዱ ክንቈጽር ኢና።

**ኣብ ሰብኣዊ ድሕነት ንዚረአ ሃድን መኽሰብ ደው ምባል።** ገንዘብ ሰብኣዊ ድሕነት ናብ መዓላ ሰብኣዊ ድሕነት ኪውዕል፡ ደረት መኽሰባትን መምርሕታትን ከነተኣታትው ኢና። ሃይማኖታውያን ኣብያተ ትምህርቲ’ውን ክንክልክል ኢና።

**ጥሮታ ምዝያድ።** እቲ ምሉእ ህይወቱ ብትሑት ደሞዝ ዚሰርሐ፡ ብመወሰኺታ ህዝባዊ ጥሮታ ዝይድ ዝበለ ጥሮታ ኪወስድዩ፤ ንሕና ብወገንና፡ ነቲ ዘይፍትሓዊ ግብሪ ጥሮታ ብሱሩ ኪውገድ እቲ ናይ መወዳእታ ስጉምቲ ክንወስድ ኢና።

## ኣብ ልዕሊ ገበን ተሪር መርገጽ ብምውሳድ ድሕነት ምምጻእ

ባህግና : -

**ዚያዳ ሓይሊ ፖሊስ ምቍጻር።** ዚያዳ ገበናት ንምፍታሕን ኣብ ጐደናታትን ኣደባባያትን ድሕነት ንምፍጣርን፡ ክሳዕ ዓመተ 2024 ዘሎ ግዜ ዚያዳ 10 000 ፖሊስ ምቑጻር።

**ኣንጻር ደቀንስትዮ ዚግበር ዓመጽ ደው ምባል።** ብደቂ ተባዕትዮ ኣብ ልዕሊ ደቀንስዮ ንዚፍጸሙ ገበናት፡ ምስ ክብሪ ንዚዛመዱ ገበናት፡ ንሽርሙጥናን ንግዲ ሰብን ክንቃለሶም ኢና።

**መንእሰያት ኣብ ተግባራት ገበን ከይኣትዉ ምቅላስ።** ኣብ ዜጋታት ዘሎ ጋግ ብምንካይ፡ ዘይፍትሓውያን ኵነታት ብምቅላስን ብእዋኑ ኸሎ ካብ ገበናዊ ህይወት ዘናግፉ ጻዕርታትን ሓያሎ መንገድታትን ብምፍጣር፡ ነቲ ንገበን ኪስዕርር መጣጥሒ ባይታ ከይከውን ዚጻረር ፖሊቲካ ከነካይድ ኢና።

## ውሕስነት ብዝሰለጠ ውህደት

ባህግና : -

**ኵሉ ብዘይ ኣፈላላይ ጾታን ዓሌትን ከም ዚሰርሕ ምግባር።** ንጽቡቕ ኵነት ስራሕን ርትዓዊ ደሞዝን ንቃለስ። ኵሉ ኣብ ስራሕ ኪዋፈር ኪኽእል ምእንቲ፡ ብሰፋሕቲ ጻዕርታት ዕድላት ትምህርቲ ምፍጣር። ማዕረ ማዕርኡ፡ ተኻፋሊ ኣባል ‘ዛሃገር ንምኳን ዘኽእል ዕድል ርእስኻ ምኽኣል ከም ዝኾነ ኣዐሪና ነነጽር።

**ፈላለይቲ ሓይልታት ደው ምባል።** ንኹሉ ዓይነት ፖሊቲካዊ ተጻራርነትን ሃይማኖታውን ሕሉፍነትን ክንቃለስ ኢና።

**ግቡእ ትምህርቲ ምትእትታው።** ኵላቶም እቶም ቋንቋ ሽወደንኛ ብዘይ ምኽኣሎም ኪሰርሑ ዘይክእሉ ነቲ ቋንቋ ኪመሃሩ ኣለዎም።